ምዕራፍ

# 9

■●▲▲ ■■●●▲▲▲

■■■●●●▲▲▲▲. . .

# ከይዲ ስርዓትን ኣተሓሕዛን መረዳእታ


## 9.1 ምእካብ ቀሊል መረዳእታ


### ንጥፈት 1

ነዞም ምስልታት ብምርኣይ ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።





ሀ. በዝሓም ኣብ ሳፁን ግለፁ?






ለ. በዝሒ ደቂ ተባዕትዮ ካብ በዝሒ ደቂ ኣንስትዮ ብኽንደይ ይበልፅ?

ሐ. ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ተወሲኽን ኣለዋ።



ሕዚ ብጠቕላላ ክንደይ ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ?



## ንጥፈት 2

ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መበገሲ ገይርኩም መረዳእታ ኣክቡ።

- ➢ በዝሒ ኣባላት ስድራ ቤትኩም?
- ➢ ኣብ ስድራኹም ካብ በዝሒ ደቂ ተባዕትዮን በዝሒ ደቂ ኣንስትዮን መን ይበልፅ?
- ➢ ኣብ ገዛኹም ዘለዉ እንስሳ ዘቤት ዘርዝሩ።


### መልመዲ 1

ነዚ ሰደቓ መበገሲ ገይርኩም ነቶም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

| ዓይነት ፍራፍረ | ሙዝ | ኣናናስ | ኣራንሺ | ኣቮካዶ |
|---|---|---|---|---|
| በዝሒ ተጠቀምቲ | 7 | 3 | 9 | 5 |

1. በዝሒ ኣራንሺ ዝጥቀሙ ተምሃሮ?___________
2. በዝሒ ሙዝ ዝጥቀሙ ተምሃሮ? __________
3. ዝበዝሑ ተምሃሮ ኣናናስ እዮም ዝጥቀሙ። ሓቂ/ሓሶት

## 9.2 ሰደቓ ቀሊል መረዳእታ



1. ነዞም ስእልታት ብምስሉም ወድቡ።

   በዝሒ ትርብዒት -------------------

   በዝሒ ሰለስ ኩርናዕ ------------------

2. ነዞም ስእልታት ብመንፅር ሕብርም ወድቡ።

   በዝሒ ቀይሕ ሕብሪ ዝተቐለመ ምስሊ ------------

   በዝሒ ቀለም ዘይተቐለመ ምስሊ ------------

3. ነቲ ዝሰራሕኩምዎ ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ኣስፍሩ።

| | ዝተቐብአ | ዘይተቐብአ |
|---|---|---|
| በዝሒ ትርብዒት | | |
| በዝሒ ሰለስ ኩርናዕ | | |


## 9.3 ቀሊል ስርዓት ቁፅርታትን ቅርፅታትን

### ንጥፈት 3

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ዘርዝሩ፡፡

- ነቶም ቅርፅታት ሰለስተ ግዜ ብዘተፈላለየ ኣገባብ ስርዑዎም፡፡

ኣብነት



- ነቶም ቅርፅታት ሓዋዊስኩም ስርዑዎም፡፡

ኣብነት



### መልመዲ 2

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምልኡ፡፡

ሀ. ▲▴፣ ▲▴፣ ▲▴፣ ________፣ ________፣ ________

ለ. ■●●▲፣ ■●●▲፣ ■________፣ ________፣ ________

ሐ. 1፣ 3፣ 5፣ ________፣ ________፣ ________፣ ________

መ. 2፣ 4፣ 6፣ ________፣ ________፣ ________፣ 14፣ ________